**<u>ናይ ሓሶት ኣለምቲ</u> ፡ ናይ ምግልባጥ መንግስቲ፡ ምእሳር ፕረሲደንት፡ ሞት ፕረሲደንት ወዘተ ሕልሞም ንፋስ ኮይኑ ብምትራፋ ባዶ ኢደም ተሪፎም።**

ሰኑይ ዕለት 21 ጥሪ 2013 ፡ ማዕከናት ዜና ምዕራባውያን ሃገራት ብኢንተርነትን ካልእ መንገዲ ዝርጋሐ ዜናን ከም ልማደም ሓሶታቶምን ሕልሚታቶምን ብዘይ ዕረፍቲ ክዝርግሑ ብምውዓል ፡ ብዛዕባ ምግልባጥ መንግስቲ ኣብ ኤርትራ ፡ ምእሳር ፕረሲደንት ኢሳያስ፡ ሞት ፕረሲደንት ኢሳያስ ፈነወታቶም ቀጺሉዩ ውዒሉ።

ኩነታት ኣስመራን ምሉእ ኤርትራን ግን ካብቲ ካልእ መዓልታት ብዝኾነ መለክዒታት ዘይፍለን ሰላማዊን ፡ ኩሉ ሰብ ከም ቀደሙ ኣብ ስስርሑ ተዋፊሩ ዝውዓለሉን ፡ ዝኾነ ምልክት ናይ ዘይምርግጋእን ምልዕዓልን ዘይብሉን እዩ ኮይኑ ውዒሉን ዝቅጽል ዘሎን።

እታ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኤሪ-ቲቪ ዘጋጠመት  ንእሽቶ ተርእዮ ድማ ኣብ ሓጺር ጊዜን ብዘይ ሕልኽላኻትን ብሰላም ከምእትዓርፍ ተጌሩ፡ ኤሪ-ቲቪ ድሕሪ ውሑዳት ሰዓታት ሰኑይ ኣጋ ምሸት ንቡር ስርሓ ቀጺላ።

ናይ ቢቢሲ (BBC) ጋዜጠኛ ፡ ማርቲን ፕላውተ (Martin Plaute) ግን ምሉእ መዓልቲ ብዘይ ዕረፍቲ ብዛዕባ ዘየለ ምግልባጥ መንግስትን ፡ ስጋብ ምእሳር ናይ ፕረሲደንት ኢሳያስ ከም ዝነበረን ክጽሕፍን ምስ ናይ ሓሶት ብጾቱ ሓበሬታ ክለዋወጥን ክውዕል ከሎ፡ ዳን ኮነል (Dan Connell) ድማ፡ ፕረሲደንት ኢሳያስ ተገልቢጡ ዝርእየሉ መዓልቲ ካብ ምሕላምን ናይ ወርቂ ኮነ ካልእ ዕደና ኣብ ኤርትራ ዝተዓናቀፈሉ ኩነታትን ከምዝመጸ ብግህዶ ከይሓብአ ስምዒቱ ክገልጽ ውዒሉ።

ኤይ-ኤፍ-ፒ፡(AFP) ዝተባህለ ማዕከን ዜና ድማ ነቲ ዘጋጠመ ኩነታት፡ ምግልባጥ መንግስቲ ኢሉ ብምጥማቕ፡ ቀጥታ ምስ ናይ ዕደና ኩባንያታትን ብጽሒተንን ብምትእስሳር፡ ነተን ብሕጂ ኣብ ኤርትራ ወፍሪ ክገብራ ዝትስፈወለን ናይ ዕደና ኩባንያታት ብኣሉታዊ ንምጽላው፡ ዝዓለመ ሓሶታት ክትዝርግሕ ውዒላ።

እዘን ሕሱራት ምንጭታት ሓበሬታታትዚእንን ካልኦት ካብአን ዘይሕሻን ፡ ቅድሚ 5 ኣዋርሕውን ሞት  ናይ ፕረሲደንት ኢስያስ ብጻዕቂ ብምዝርጋሕ ፡ ኣቓልቦ ተዓዘብቲ ካብ ሕማምን ድሓር ድማ ሞትን መለስ ዜናዊ ንምጥዋይ  ይጽዕራ ምንባረን ዝዝከር እዩ።

በቲ ናይ ሽው ናይ ሓሶት ወፈራኦም ዘውረዶ ምድንጋራት ስለዘይዓገቡ ድማ እንሆ ሕጂ እቲ ሞይቱ ዝብልዎ ዝነበሩ ፕረሲደንት ኢሳያስ ተኣሲሩዶ ተገልቢጡዶ ከምብሓድሽ ሞይቱዶ ዝብል ወረ ብምንዛሕ ኣብ ልዕሊ ኤርትራን ህዝባን ዕንወት ንምምጻእ ህርድግ ይብሉ ኣለዉ።

መንቀሊ ናይዚ ምግልባጥ መንግስቲ ተጠሚቑ ዝውዓለ፡ ብቐሊሉ ብሰላም ዝዓረፈ ኣጋጣሚ ግን እንታይ እዩ? ጸላእቲ ኤርትራን ህዝባን መንግስታን፡ በቲ ብመንግስቲ ኤርትራ ተበጊሱ ዘሎ ናብ ተኻፋልነት ህዝቢ ዘተኮረ ዓቢ ናይ ወፍሪ ናህርን ኣብ ዕደና ዝግበር ዘሎ ናይ ዕብየት ምውንጫፍን ስለዝረዓዱን ተስፋ ዝቖረጹን ብዝገበርዎ ድፍኢትን ሽርሒታትን ምዃኑ  ዘጠራጥር ኣይኮነን።

ኢርትራ ኣብ 2011 ኣብ ዓለም እታ ዝዓበየ ቁጠባዊ ምዕባሌ ዘርኣየት ሃገር ኔራ። እቲ ዕብየት ብሳላቲ ብዘይ መጠን ዓቢ ወጻኢ (ወፍሪ) ዝተገብረሉ ትሕተ ቅርጺ (infrastructure) ናህሩ ከየጉደለ ይምርሽ ኣሎ። ደው ከብሎ ዝኽእል ከምዘየሎ ድማ ትማል፡ ብቕድሚ ትማልን ቅድሚኡን ተራእዩን ተመስኪሩን ኣሎ።

ዓወት ንሓፋሽ

ሽማግለ ህዝባዊ መኸተ                 **ከለን** 22.01.2013